# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ: (50) 07...2009 http://www.aldawa.de




## ርእሰ- ዓንቀጽ

### ነፍስኻ - ኣሐድስ

ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን

ማሕበር እስላምዊ ምትሕግጋዝ ብኣጋጣሚ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ክመጽእ ዝቀራረብ ዘሎ ወርሒ ሮመዳን ን ኣባላታን :ርሑስ ሮመዳን ይግበረልኩም እናበለት:ብኢማንን ተቐዋን ዝተሰነየ ጽቡቕ ሮመዳን ክኾነልና ነቲ ለዋህ ፈጣሪና ብትሕትና ንልምኖ::

እዚ ኣጋጣሚ ዓብይ ዕድል ከምዝኾነ ክንስሕቶ የብልናን ንዃሉ መዳያት ሂወትና ኣድቂቕና እንሓስበሉ:ንዝነቐዐ ሕውነታዊ ምትእስሳርና እንጽግነሉን;ንስኡናት ኣሕዋትና እንሕግዘሉን ብዕብዩ ኻኣ ካብ ሓዊ እንገላገለሉ ወርሒ እዩ::

ወርሒ ሮመዳን ነፍስና እንሕድሰሉ ወርሒ ካብ ኮነ ነዚ ዕድል ብምጥቃም ብብዝሒ ቁርኣን ንቀርኣሉን ዝቀነዐ ዝምድነታትናን እንጽግነሉን ክኸውን ይግባእ::

መቐፈራ ዝመሎኦ ወርሒ ሮመዳን ንኽኾነና ንኣላህ ንልምኖ:

ማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ

## ትሕዝቶ - ሕታም

ርእሰ- ዓንቀጽ )…… ……………..….(1)

ሮሞዳን (ግጥሚ).................................( 2)

ብልጫታት ወርሒ ሮመዳን………....(3)

ዱዓእ………………………….......…(7)

ሕቶን መልስን…………………………(9 )

ሕቶ ለውጢ……...................……(10)

Äußerungen über den Qur'an ………...(11)

وظائف المؤمن في شهر الصيام ……………....( 14)

رمضان: فرصة للتجديد ………………(16)

## ሮሞዳን

ንፋልማይ ግዜ ቁርኣን ዝወረድላ
ካብ ሻውዓይ ሰማይ ንፋልማይ ዝመጸትላ
ካብሺሕ ወርሒ ዝበለጸት ለይቲ ትርከበላ
ኣስላማይ ከካብዓዱ ንዑምራ ዝብገሰላ
ጻዕዳ ክዳን ተኸዲኑ ንማካ መዲና ዝጉዓዘላ
ኢስቲቅፋር እናብዘሐ ረቢ ዝልምነላ

መርሓባ ወርሒ ሮሞዳን መጺኣ ላ
ዱብኽ ኢላ ላ ሃየ ንቀበላ

መርሓባ መርሓባ ወርሒ ጾም ሮሞዳን
ብልጽቲ ዝኾንኪ ካብ ኣዋርሕ ኩላተን
ዝልገሰልኪ ካብ ርኹባት ንሱኡናን
ዝተሓቃቀፈልኪ ጓና ምስ ኣዝማድን
ብልጽቲ ብሓቂ ኣማን ብኣማን

እዛ ምቅርቲ ታሸዓይቲ ወርሒ ሮሞዳን
ንጉጉይ ደው ተብሎ ካብ ዕብዳን
ንሰታይ ደው ተብሎ ካብ ስኽራን
ነንግራም ደው ተብሎ ካብ ስሕታን
ነትካኺ ደው ተብሎ ካብ ሕማቅ ዕጣን
ብሓጺን ዝእሰረላ እዚ ርጉም ሸይጣን

ይዝከረኒ ብቆልዓይ ናይ ሮሞዳን ነገር
ያኣላህ እናበለ ፈረጅት ክዘውር
ፍጡር ኣኺሉ ኢሉ ንጸዋማይ ክነግር
ገዛ ገዛ ከይዱ ክሓትት ፍጡር

መቅሊል ምስ ሳንቡሳ እናበለ ክጭድር
ንድኻ ክብሎ ኣብሽር
ንሃብታም ክብሎ ድኻ ዘክር
ሀዘንበኛ ይብሎ ኣስተቅፍር
ፈረጅት ዘይርሳዕ ዩ ሮሞዳን ክጅመር
መቅሪብ ክትሰግድ ጀማዓ ኮንካ
ጋሻ ትማላእ ካብ መስጊድ ኣንተረኺብካ
ኣጅሪ ክትእክብ ክኾነልካ በረካ
ናዓናይ ትብሎ ብኢዱ ወጢጥካ
እንጀራ ይቕረብ ምስ ሩዝ ተኸቲሉ
ባምያ ሕልበት ኣብ መሰጣሕ ይርሸረሸሉ
ዱለት ይቅረብ ኣብ ጫፍ ኮሊሉ
ፍጅል ይዕደል ምስ ሰላጣ ተኸዊሉ
ባዓል ገዛ ይብል ቢስሚላህ በሉ
ክትምገብ ትጅምር ለሚን እንዳሰተኻሉ
ቶግ ቶግ ክብል ትሰምዕ ዕንባባ
ስዕዲ ራሓና ሻሂ ኣስከ ቀርባ
ክንከይድ ተራዊሕ ሰላት ከነርክባ
ይገርምዩ ናይ ኣዴታትና ማዓስ ከምዘርክባ
ከተፍ ትብል ሻሂ ቀመም ተዓጂባ
ሮሞዳን ጥዕምቲ ናይ ብሓቂ ኣበባ
ምዕርግቲ የብላን ንዓኣ ዘርክባ

ዓ.ሙሓመድ

መጺሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ ጀርመን እትዳሎ መጺሔት እያ።


ኣድራሻ:
Gis e.V.
P.O.Box 101344
42103 Wuppertal
Germany

መርከዝ ቢላል:
Montanus Str.76
51065 Köln


**Bank:**
Deutsche bank A.G
Wuppertal
KontoNr.280 29 08
BLZ 330 700 24

### ለበዋ- ለበዋ- ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ
ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርኢቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:
( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መአረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

**መተሓሳሰቢ**

ኣብ መጺሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቕን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጺሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርኢቶ እዩ ዘውክል።

ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

# ጾም ወርሒ ሮመዳን

ምንጪ ኣልሁዳ ወብሳይት

መጀመርያ ነቲ ነዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሮሞዳን ዘብጽሓና ልዑል ፈጣሪ ኣላህ (ሱብሓነሁ ወተዓላ) ምስጋና ይብጻሓዮ፣ ነቲ ነዚ ዘለናዮ ናይ እስልምና ብርሃን ተሰኪሙ ካብ መንገዲ ጸላም ናብ መንገዲ ብርሃን ብሓይሊ ናይ ኣላህ ዝመረሐና ነብይና ሙሓመድ (ሰላላሁ ዓለይሂ ወሰለም)ን ንቤተሰቡን ንሰሓባን ንተኸተልቱን ኣማንን ሰላምን ካብ ኣላህ ይብጻሓዮም፣ ኣብዛ ሓጻር ጽሕፍቲ ብዛዕባ ጾም ኣሕጽር ኣቢለ ክገልጽ እንከለኹ ካብቶም ክልተ ናይ እስልምና ምንጪ ዝኾኑ ቁርኣንን ሓዲስ ናይ ረሱል (ሰዓወ)ን ምርኩስ ብምግባር እየ፣

ኣላህ ብመጀምርያ ክፈጠርና ከሎ ንዕላማ ከምዝፈጠረና ኣብ ቁርኣን ሓቢሩና፣ ንዕኡ ጥራይ ክንግዝኦ ኢሉ ከምዝፈጠረና ብንጹር መልክዑ ገሊጹልና፣ ዝኾነ ነገር ብዘይ ዕላማ ኣይትግበርን እዩ፣ ኣላህ ድማ ንዓና ንደቂ-ሰባት ናብዚ ዓለም ኣምጺኡ ንኽንግዝኦ ምእንቲ ፈጢሩና፣

ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ንኣላህ (ሱወ) ክንግዝኣሉ እንኽእለሉ መንገዲ ጾም እዩ፣ ኣላህ (ሱወ) ኣብ ቁርኣን ከምዚ ይብል። "ኣንቱም ዝኣመንኩም ከምቲ ነቶም ቅድኹም ዝነበሩ ኣህዛብ ጾም ዝኣዘዝኩዎም ንዓኻትኩም ውን ክትጸሙ ኣዚዘኩም ኣለኹ ምእንቲ ፍርሃት ረቢ ከተጥርዩ፣" ሱረተል በቐራ 2።183.

ካብዛ ልዕል ኢላ ዝተጠቅሰት ናይ ቁርኣን ጥቕሲ እዘን ዝስዕባ ኣገደስቲ ነጥብታት ክንርዳእ ንኽእል።-

1. ኣላህ ናይ ጾም ጻውዒት ክገብር ከሎ ነቶም ዝኣመኑ እዩ ጻዊዒቱ ኣቕኒዕዎ፣ እቶም ዘይኣመኑ ግና ነዚ ጻውዒት እዚ ኣይምልከቶምን እዩ፣ ንሕና ድማ ኣልሓምዱሊላህ ካብቶም ናይ ኣላህ ልግሲ ዝተዓደልና ኣመንቲ ምዃና ድማ ልዑል ምስጋና ከነብጽሕ ይግበኣና፣

2. ጾም ንዓና ናይ ነብይ ሙሓመድ ህዝቢ ጥራይ ዝተኣዘዘ ሓድሽ ትእዛዝ ዘይኮነ ቅድሜና ዝነበሩ ኣህዛብ'ውን ብመንገዲ ነብያቶምን ናብኦም ዝወረደ ቅዱስ መጻሓፍትን ኣቢሉ ኣላህ ክጾሙ ኣዚዝዎም ከምዝነበረ ክንርዳእ ንኽእል፣

3. ጾም ናይቲ መሬትን ሰማይን ዝፈጠረ ክኢላ ኣላህ ትእዛዝ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል።። ንሕና ሰብ ንዘውጸኦ ሕግታት ከማን ተማእዚዝና ንኸይድ ዘለና ናይ ኣላህ ድማ ብዝያዳ ክንእዘዞን ከነተግብሮን ይግበኣና ፣

4. ኣብ መወዳእታ እቲ ቐንዲ ናይ ጾም ውጽኢት ድማ ተቕዋ ንምርካብ እዩ።።

• ተቕዋ ክበሃል ከሎ ኣብ ቁርኣን 3 ትርጉም ሒዙ ንረኽቦ።-

i. ፍርሓት ናይ ኣላህ (ሱወ) ማለት እዩ።

ii. ተምበርካኽነትን ምእዙዝነትን ንሓደ ፈጣሪ ኣላህ ማለት እዩ።

iii. ልብኻ ኮነ ተግባራትካ ካብ ናይ ኩሉ ዓይነት ዘንቢ (ሓጥያት) ነጻ ምግባር ማለት እዩ፣ ነዘን ሰለስተ ዘማልአ ሰብ ተቕዋ ኣለዎ ንብሎ፣

ስያም(ጾም) እንታይ ማለት እዩ? እንታይ ዓይነት ጥቕምታት ከ ኣለዎ?

ስያም ማለት ናይ ዓረብኛ ቛንቛ ኮይኑ ኣብ እስልምና ካብ ቅድሚ ጸሓይ ምንራቓ ጀሚርካ ክሳብ ትዓርብ ዘሎ ጊዜ ካብ ንጾም ዘፍርሱ ነገራት ምርሓቅ ማለት እዩ፣ ንሳቶም ድማ።- መግቢ። ዝስተ። ምስ ሰበይትኻ ርክብ ምፍጻም። ካብ ሕማቅ ዘረባን ተግባራትን ምርሓቕ የጠቓልል፣

ልክዕ ከም ስግደት (ሰላት)። ሓጅን ሸሃዳን። ጾም ሮሞዳን'ውን ሓደ ካብቲ ዓንዲ ናይ እስልምና እዩ፣ ወርሒ ሮሞዳን ካብተን ካልኦት ኣዋርሕ ፍሉይ ዝገብራ ብልጫታት ኣለዋ።-

እቲ ቅዋም ናይ ወድ ሰብ ኮይኑ ከገልግል ካብ ኣላህ ናብ ናይ መወዳእታ ነብይ ሙሓመድ (ሰዓወ) ዝወረደ ናይ መጨረስታ መጽሓፍ ቁርኣን። ካብ ኣላህ ናብ ለውሓልማህፉዝ ኣብ ግዜ ሮሞዳን እዩ ወሪዱ፣

1 ሮሞዳን ክጅምር ከሎ መዓጹ ናይ ጀና ይኽፈት። መዓጹ ናይ ገሃነም ይዕጾ። ሰይጣውንቲ ድማ ይእሰሩ።

ኣብ ሮሞዳን ከምቲ ዝድለ ኣገባብ ናይ ጾም ጌሩ እሞ ድማ ካብ ኣላህ ብልቢ ኣጅሪ ደልዩ ዝጾመ ናይ ዝሓለፈ ዘንብታቱ ይድምሰሰሉ፣

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ምሸት ናይ ወርሒ ሮሞዳን ከኣ ኣላህ ካብ ናይ ሓዊ ገሃነም መቕጻዕቲ ነጻ ዝኾኑ ሰባት ብተግባሮም ይመርጽ፣ ስለዚ ወርሒ ሮሞዳን ደቂሰባት ካብ ሓቅ ገሃነም ነጻ ክኾኑ ዕድል ዝረኽብሉ ወርሒ እዩ፣

ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ሓንቲ ለይቲ ኣላ ለይለተል ቐድር ትበሃል ካብ 1000 ወርሒ ዝበለጸት። ብጆካ ኣብ ሮሞዳን ኣብ ካልእ ኣይትርከብን እያ፣

ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ሱና ከም ፈርዲ። ፈርዲ ድማ ከም 70 ፈርዲ ብተዓጻጻፊ ኣጅሪ ዝምዝገበሉ ወርሒ እዩ፣ ንኣብነት ሓንቲ ሰላት ክንዲ ናይ 70 ሰላት ኣጅሪ ይወሃበካ፣

ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ኣላህ ንሙእሚን ዝህቦ ናይ ጾም ዓስቢ ካብ ናይ ካልእ ዒባዳ ዝተፈልየ እዩ፣ ኣላህ

ይብል። "ኩሉ ተግባራት ወድሰብ ንዕኡ እዩ። ጾም ግን ናተይ እዩ ኣነ እየ ድማ ዓስቡ ዝኸፍሎ"፣
ሮሞዳን ኣብ መጀመርት ራሕማ ዝርከቦ። ኣብ ማእከሉ መቕፊራ ዝዕደለሉ። ኣብ መወዳእትኡ ድማ ካብ ሃዊ ገሃንም ነጻ ዝበሃለሉ ወርሒ እዩ፣

ንምንታይ ንጸውም?
ብተፈጥርኡ ወዲ ሰብ ኩሉ ግዜ ነቲ ዝገብሮ ነገራት ንምንታይ እየ ዘተግብሮ ዘለኹ ኢሉ ናይ ምሕታት ባህርይ ኣለዎ፣ ጾም ድማ ንምንታይ ይጸውም ኢሉ ክሓትት ይኽእል እዩ፣መልሲ ናይዛ ሕቶ እምበኣር ብሕጽር ብዝበለ መልክዑ ንሕና ባሮት ናይ ኣላህ ስለዝኾና ነቲ ኣላህ ዝኣዘዘና ናይ ጾም ትእዛዝ ንምትግባር እዩ፣ ስለዚ ንጹር ዝኾነ ናይ ኣላህ ግበሩ ዝብል ብመንገዲ ነብዩና ሙሓመድ (ሰዓወ) ኣቢሉ ስልዘተኣዘዝና ንምትግባር እዩ፣ ካብኡ ሓሊፉ ካልእ ኣማራጺ ስለዘይብልና፣ ምኽንያቱ ኣስላማይ ማለት ኩሉ እንትናኻ። ሓሳብካን ድልየታትካን ንናይ ኣላህ ድልየታትን ትእዛዛትን ምንብርካኽ ማለት እዩ፣ ኢስላም ማለት ብቋን
ኢብን ዑመር ዝተባህለ ሰሓቢ ካብ ረሱል (ሰዓወ) ከምዚ ክብሉ ሰሚዕ ይብሉ።
እስልምና ኣብዘን ሓሙሽተ ዓንድታት ዝቖመት እያ።-
1. ብጅካ ሓደ ኣላህ ካልእ ፈጣሩ ከምዘየለ። ሙሓመድ (ሰዓወ) ድማ ናይ መወዳእታ ልኡኽን ባርያ ናይ ኣላህን ምዃኑ ምምስካ።
2. ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ግዜ ስግደት (ሰላት) ምስጋድ።
3. ካብቲ ኣላህ ዝሃበካ ገንዘብ ድማ ምጽዋት (ዘካት ንድኻታት ምሃብ)
4. ኣብ ዓመት ሓንቲ ወርሒ ሮሞዳን ምጻም።
5. ኣብ ሂወትካ ሓደ ግዜ ማካ በጺሕካ ናይ ሓጅ ኣገባብ ምፍጻም (ዓቕሚ ምስዝህልወካ)፣
ስለዚ ንሕና ኣስላም ኮይና ባሮት ናይ ኣላህ ካብ ኮና ነቲ ናቱ ትእዛዛት ካብ ምትግባር ሓሊፍና ካልእ ኣማራጺ የብልናን፣ ኣላህ (ሱወ) ኣብ ቁርኣን ብመንገዲ ረሱል (ሰዓወ) ጌሩ ዝሃበና ፍቃድን ዝኣዘዘና ትእዛዛትን ተመሊሱ ንዓና ዝጠቅም ምዃኑ ክንዝንግዕ የብልናን፣ ምኽንያቱ ኣላህ ኣብ ቁርኣን ኩሉ ጸጽቡቑ ኣፍቂደልኩም ኩሉ ከኩፍኡ ድማ ከልኪለኩም ይብል፣ ነገራት በቲ ናትና ናይ ደቂ ሰባት መምዘኒ ክንርእዮ እንተፈቲና ንዓና ዝጎድኣና መሲሉ ዝረኣየና ጠቓሚና ሙኻኑ ድሒሩ እዩ ዝርደኣና፣ ንኣብነት ንምጥቃስ መስተ ዝጠቅም መስለና። ርውየት ዝህብ ሓንጎልካ ዘረሳርስ ኮይኑ ዝረኣየና ኣላህ ግን ከልኪሉና ምኽንያቱ ካብ ጥቅሙ ጉድኣቱ ስለዝዓቢ፣ ምስ ሰኽርካ ናይ ስድራ ምብትታን ይመጽእ። ምስ ሰባት ትበኣስ። ዘይተደልየ ሓራም ትፍጽም። ነብሲ ሰብ ተጥፍእ። ክብረትካ ይቕንጠጥ

ካብ ጾም ዝርከቡ ጥቕምታት
ካብ ጾም ዝርከቡ ጥቕምታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ገለ ካብኦ ንምጥቃስ ዝኣክል።-
1. ናይ መንፈስ መግቢ እትረኽበሉ ወርሒ እዩ፣ ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ብዝያዳ ናብ ኣላህና ቀሪብና ምእንቲ ናይ ኣላህ ፍቶት ንምርካብ ንኹሉ ስጋዊ ድልየታትና ነጺግና መንፈሳዊ መግቢ ንረኽበሉ ወርሒ እዩ፣ ቁርኣን ብምቕራእ። ሓሙሽተ ወቕቲ ሰላት ብግቡእ ብምምላእ። ተራዊሕ ብምስጋድ። ለይቲ ተሲእካ ብምስጋድን ዱዓ ብምግባርን ናብ ረቢ (ሱወ) ኣበርቲዕና መንፈስና ንምግብሉ ወርሒ እዩ፣
2. ናይ ተቕዋ ወርሒ እዩ። ካብ ኩሉ ዝዓበየ ናይ ጾም ጥቕሚ ተቕዋ ተጥርየሉ ወርሒ እዩ።። ከምቲ ኣብ መጀመርያ ጥቕሲ ተገሊጹ ዘሎ ቀንዲ ዕላማ ናይ ጾም ንሱ እዩ፣ ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ጾም ንሓደ ኣላህ ከተሐጉስ ክትብል ካብቲ ኣላህ ሓላል ኢሉ ፍቁድ ዝገበሮም ነገራት ክትክልከል እንተደኣ ክኢልካ። ካብቶም ሓራም ዝኾኑ ነገራት ንኽትክልከል ነብስኻ ዓቢ ትምህርቲ ቀሲማ ፍርሃት ናይ ኣላህ ኣማዕቢላ ትወጸሉ ወርሒ እዩ፣ ልክዕ ከምቲ ንዝኾነት ማሺን ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ነቲ ዝመረተ ክፋላ ግሮሶን ዘይትን ጌርና ነሓድሶን ናይ ላቫጆ ሰርቪስ ንገብረሉ። ነዛ ነብስና ድማ ሓንሳብ ኣብ ዓመት ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ዝተባህለት ጋራጅ ኣእቲና ዘድሊ ናይ መንፈሳዊ ላቫጆ እንህበላ ዓባይ ወርሒ እያ፣
3. ነብስኻ ትቖጽዓሉ ወርሒ እዩ። ከብድኻ ኣብ ዝመልኣሉ ግዜ ኩሉ ኣካላትካ ድልየታቱ ከማልእ ናብ ሓራም ዝኾኑ ተግባራት የቋምት። ኣብ ግዜ ጾም ግን ከብዲ ምስ ጠመየት ኩሉ ኣካላትካ ካብ ሕማቅ ተግባራት ተኸልኪሉ ናብ ናይ ኣላህ ትእዛዛት ኣብ ምትግባር ክቕንዕ ኣየጸግሞን፣ ጾም እምበኣር ንናይ ሰይጣንን ናይ ነብስኻን ፈተና ክትስዕር ይሕግዝ፣
4. ጥሙይ ከምዘሎ ተስተብህለሉ ወርሒ እዩ። ኣብ ግዜ ጾም ከብድኻ ምስ ጠመየት ብዙሓት ሰባት ጠምዮም ዝበልዕዎ ዝሰኣኑ ሰባት ከምዘለዉ ኣስተብሂልካ እቲ ዝግበኣካ ሓልዮትን ሓገዝን ክትገብረሎም ከምዘለካ ተስተብህል፣ ከምቲ ኣብ መኋዓዝያ ተወጢሑ ዝኸይድ ሰብ ናይቲ ብእግሩ ዝኸይድ ዘሎ ሰብ ድኻም ዘይርደኦ። ጸዋማይ ድማ ኣብ ነብሱ ጥምየት ምስ ፈተና ናይ ካልኦት ሃለዋት ይፈልጥን ድኻ ሓገዝ ዘድልዮ ሰብ ከምዘሎን የስተብህል ።።
5. ናይ ሓድነት መረጋገጺ እዩ። ጾም ድማ ናይ ኩሎም ኣመንቲ እስልምና ኣብ ዓለም ዝርከቡ ሓድነት መርኣያ እዩ። ኩሎም ብሓደ ይጸሙ ብሓደ ድማ የፍጥሩ ንሓደ ኣላህ ድማ ይግዝኡ።። እዚ ጥቕሚ እዚ ኣብ ኩለን ዕንድታት ናይ እስልምና ይንጸባረቓ። ሸሃዳ ናይ እምነት ሓድነት። ሰላት ናብ ሓደ ቂብላ ወይ ኣንፈት ጌርካ ምስጋድ። ሓጅ ኣብ ሓደ መኣከቢ ቦታ ምእካብን ቀንዲ መርኣያ ናይ ሓድነት እስልምና እዩ፣
6. ናይ ምትእኽኻብ ወርሒ እዩ። ኣብ ግዜ ሮሞዳን የሕዋት ዝተኣኻከብሉ ብሓደ ኮይኖም ንኣላህ

ዝግዝእሉ ዓቢ ናይ ዒባዳ መድረኽ እዩ። ነሕዋትካ ኣብ መስጊድ ኮነ ኣብ መአከቢ ቦታታት ረኺብካ ብዛዕባ እስልምና ክትነግሮም ዕድል ትረክበሉ ኣጋጣሚ ከም ምኻኑ መጠን ድማ ነቶም ንነዊሕ ግዜ ካብ መንገዲ ኣርሒቆም ዝነበሩ የሕዋት ብልዙብ መልክዕ ስብከት ትገብረሎም።

7. ናይ ጥዕና ወርሒ እዩ። ከምቲ ናይ ጥዕና መጽናዕትታት ዝሕብርዎ። ዳርጋ ብዙሕ ዓይነት ሕማማት ቀንዲ ጠንቁ ካብ ምግቢ ዝመጽእ ምኻኑ እዮም ዝገልጹ፣ ኣብ ወርሒ ሮሞዳን ካብ መግቢ ተቆጢብካ ኣመጋግባኻ እንተሰሪዕካ ምሉእ ጥዕና ንኽትረክብ ዝዓበየ ተኽእሎ ኣሎ፣ ግን ኣብ መብዛሕትና ዝራኣይ ጌጋ ግን ኣብ ግዜ ሮሞዳን ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ፋጡር ነህልኾ መግቢ ኣንጻር ናይቲ ክኾኖ ዘለዎ ምኻኑ እቲ ዕላማ ይሰሓት፣

8. ሰብሪ። ተጻዋርነትን ነብሰ-ምቁጽጻርን ተጥርየሉ ወርሒ እዩ። ኣብ ግዜ ጾም ነብስና ትደልዮ ኩሉ ከልኪልና ጥምየት። ጽምእን ስምዒታትናን ተቆጻዊርና ስለንውዕል። ነብስና ዓቢ ናይ ሰብሪ ትምህርቲ ቀሲማ ትወጽእ ማለት እዩ፣ብተወሳኺ ትሕትና። ስነስርዓትን ተምበርካኽነት ንሓድ ኣላህን ትመሃረሉ እዩ፣

9. መጠን ኣልቦ ዝኾነ ኣጅር ዝርከበሉ ወርሒ እዩ። ጸዋማይ ካብ ኣላህ ብዘይ መጠን መቑጸሪ ዘይብሉ ንሱ ጥራይ ዝፈልጦ ኣጅሪ ይረክብ።

10. ዱዓ ቅቡል ዝኾነሉ ወርሒ እዩ። ኣብ ግዜ ጾምካ ዝገበርካዮ ዱዓ ካብ ኣላህ ተቐባልነት ትረክብ፣ ዱዓኻ ተሰሚዑ ኣብቲ ኣላህ ዝደልዮ ግዜን ኩነታትን ድማ ናይ ዱዓኻ ቅብሊት ትረክብ፣

11. ጸዋማይ ክልተ ሓጎስ ኣለዎ። ጸይሙ ውዒሉ ከፍጥር ከሎን ኣብ የውመልቅያማ ናይ ዝጸሞ ዓስቢ ካብ ኣላህ ክረክብ ከሎን።

12. ጾም ዋሕስ እዩ። ጾም ኣብቲ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ናይ ፍርዲ ግዜ ንጸዋማይ ይዋሓሶ። "ኦ ኣላህ ካብ መግቢ። መስተን ካልእ ድልየታቱን ከልኪለዮ ውዒለ እየ እሞ ክዋሓሶ ኣፍቅደለይ" ይብል።። ንጸዋማይ ከኣ ኣብ የውመልቅያማ ከም ሓያል ድርዒ ኮይኑ ካብ ናይ ሓዊ ጀሃነም ሓዊ ይከላኸለሉ፣

ሓንቲ መዓልት ንኣላህ ኢልካ ዝጾምካዮ ኣላህ ኣብ የውመልቅያማ ክንዲ ናይ 70 ዓመት መንገዲ ርሕቀት ካብ ጀሃነም የርሕቀካ፣ ሓንቲ መዓልት ንኣላህ ኢልካ ዝጾምካዮ እሞ ድማ እታ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ናይ ሂወትካ ጊዜ እንተኮይና ኣላህ ንጀና የእትወካ።። ኣብ ጀና ድማ ረያን ትበሃል ኣፍደገ ኣላ ብጆካ ጸወምቲ ካልኦት ዘይኣትውዎ ኣብ የውመልቂያማ ጸዋማይ በታ ማዕጾ እቲኣ ይኣቱ።። ናይ ጸዋማይ ናይ ኣፉ ሽታ ድማ ኣብ የውመልቅያማ ኣላህ ካብቲ ናይ ጀና ጨና (ሚስክ) ዝበለጸ ይገብረሉ።።

ኣገደስቲ ነገራት ክንፈልጦም ዝግበኣና ብዛዕባ ጾም

- ብሓፈሽኡ ጾም ኣብ ክልተ ዓይነት እዩ። ንኽትጸዋም ግድነት ዝኾኑኻን እንተጸምካዮም ፍትዋትን ተባሂሎም ከኣ ይጽውዑ፣ እቲ ግድነት ጾም ንብሎ ኣብ ሮሞዳን ንወርሒ መመላእታ ንኽንጸሞ ዝተእዘዝናዮ ክኸውን ከሎ። እቲ ፍትው ዝበሃል ዓይነት ጾም ግን ብወለንታኻ ትጸሞ ጾም እዩ፣ ኣብ ሰሙን ክልተ ጊዜ ሶኒን ሓሙስን። ሰልሰተ ግዜ ኣብ ወርሒ። ኣብ ግዜ ዓረፋ ናይ ሓጅ ዝጽወም ኣብነት ናይ ፍቱዋት ዓይነታት ጾም እዮም፣

- ኣብ ግዜ ሮሞዳን ድማ ኣሹሑር ዝኾነ ክንበልዕ በረካ ከምዘለዎ ክንፈልጥ ይግበኣና። ወላ ሃንቲ መዓጎ ማይ ሰቲና ወይ ተምሪ በሊዕና ንድቅስ። ብዝተኻእለ መጠን ድማ ናብ ኣሱብሒ ዝቀረበ ጌርና ኣሹሁር ከነዱንግያ ይምረጽ።

- ፍጡር ከይነዱንጊ ብዝተኻእለ መጠን ጊዜኣ ምስ ኣኸለት ከይተዶናገና ከነፍጥር።

- ከምቲ ኣብ ሓዲስ ኣገባብ ኣፈጣጥራ ተገሊጹ ዘሎ ኣብ ግዜ ፍጡር ድማ እንተተረኺቡ ብጥሉል ተምሪ። እንተዘየሎ ብንቁጽ ተምሪ። እንተዘየሎ ድማ ብማይ ከነፍጥር ፍቱው ይኸውን። ከተፍጥር ከለኻ ድማ ዝበሃል ዱዓ ትብል "እቲ ጽምኣት ረውዩ። መትንታት ተዓንጊሉ። ፍረ ጻማ ናይ ጾም ካብ ኣላህ ድማ ርጉጽ እዩ ኢንሻላህ።"

- ኣብ ግዜ ጾም ካብ ኩሉ ረቢ ዝጸሎኦም ተግባራት ክትክልከል ኣለካ።። ዝጸመ ሰብ ካብ ኩሉ ዓይነታት ዘንቢ ክኽልከል ኣለዎ፣ ካብ ሕምየታ። ጸርፊ። ሓሲኻ ምብኣስ። ዘይድልየካ ካብ ምርእይን ምስማዕን። ንሰብ ምዕማጽ ኮታ ካብ ኩሉም ዓይነታት ጎዳእቲ ሕማቅ ተግባራት ክትቁጠብ ይግባእ፣ እቶም ዘይተቆጠቡ ብጆካ ጥምየትን ጽምእን ካልእ ጥቅሚ ዘይረኽብሉ ሰባት ከይትኸውን ምጥንቃቅ፣

- ጠምየ እየ ውዒለ ኢልካ ብዙሕ ዘይምብላዕ።።

- ኣብ ግዜ ሮሞዳን ድማ ብተዓጻጻፊ ሰብ ምሕጋዝን ብዘለካ ዓቅሚ ምድጋፍን ካብቲ ከምልጠና ዘይብሉ ዕድል እዩ ምኽንያቱ ኣብዚ ናይ ራሕማ ዝኾነ ወርሒ ሓሰናት (ጽድቂ) ዝተዓጻጸፈሉ ወርሒ ስለዝኾነ፣

- ኣብ ግዜ ፍጡር ድማ ዱዓ ከተብዝሕ፣ ከምቲ ረሱል (ሰዓወ) ዝበልዎ። "መሳርሒ ናይ ሙእሚን ዱዕእ እዩ፣ " ኣብ ካልእ ሓዲስ ድማ ረሱል (ሰዓወ) ከምዚ ይብሉ። "ዱዓ ሓንጎል ናይ ዒባዳ እዩ፣"

ሕግታት ናይ ጾም

ልክዕ ከምቶም ካልኦት ዓይነታት ዒባዳ። ጾምውን ናቱ ዝኾነ ሕግታትን ደንብታትን ኣለዎ፣

መን ንኽጸውም ግድነት ይኾኖ?

ኣብ እስልምና እዞም ዝስዕቡ ሰባት ንኽጸሙ ግድነት ይኸውን። እንተዘይጸይሞም ግን መቕጻዕቲ ካብ ኣላህ ኣለዎም ማለት እዩ። ንሳቶም ከኣ።- -

o ዓቕሚ ኣዳም ዝበጸሐ (ዘይበጽሑ ሰባት ግን ክለማመዱ ቀስ ኢሎም ክጾሙ ይኽእሉ እዮም)

o ኣስላማይ ወይ ኣስላመይቲ ክኸውን ኣለዎ ምኽንያቱ ኣላህ ነቶም ዝኣመኑ እዩ ጾም ፈርዲ ጌርሎም ዘሎ።

o ኣእምሩኡ ብግቡእ ዝፈልጥ (ጥዑይ ሰብ)

o ክጸውም ንዝኽእል (ሕሙም። ገያሻይ ቆልዓ ኣይምልከቶምን)

o ነባሪ (ማለት ናይ ነዊሕ ጉዕዞ ገያሻይ ዘይኮነ)

o ካብ ናይ ኣዴታታ ወይ ድማ ካብ ናይ ድሕሪ ውላድ ዝመጽእ ደም ነጻ ዝኾነት (ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት)። ኣገዳሲ ነጥቢ። ናብ እስልምና ዝኣተወ። ኣእምሩኡ ስሒቱ ኤሩ ናብ ንቡር ዝተመልሰ። ናይ ኣዴታታ ወዲኣ ደው ዝበለላን ዝነቀጸላ ሰበይቲ። ቆልዓ ነይሩ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጸሐ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሮም ዘርከቡለን ናይ ሮሞዳን መዓልታት ክጸሙ ይግባእ፣ መን ንኸጸውም ግድነት ዘይኮኖ?

o ከምቲ ኣብ ቁርኣን ተጠቂሱ ዘሎ ገያሻይ ኣብ ግዜ መገሻ ንኸይጸውም ምሕረት ተጌርሉ እዩ፣ እቲ መገሻ ግን ነዊሕን ኣድካምን ምስዝኸውን ከተፍጥር ፍቑድ ይኸውን። ኣብ ካልእ ግዜ ግን ናይተን ዘፍጠርካየን ዝሓለፋኻ መዓልታት ጸብጺብካ ትጸመን (ቀዳእ ይበሃል)።

o ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎ ሕሙም ድማ ካብ ጾም ነጻ እዩ፣ እቲ ሕማም ግዚያዊ ኮይኑ ክሓዊ ዝኽእል እንተኾይኑ ኣብ ዝሓወየሉ ክጸውም ይጅምር ናይተን ዝሓለፈኦ ድማ ኣብ ካልእ ግዜ ይጾመን (ይቐድየን)።

o ናይ ዕድመ ሰብ ጺጋ ድማ ብሰንኪ ዕብየቶም ጾምን ድኻምን ክጻወሩ ዘይክእሉ ድማ ኣይጾሙን እዮም።። ግን ነቲ ክጸሙዎ ዝግበኦም ናይ ወርሒ ሮሞዳን ጾም ግን ብውህበት ይትክእዎ.. ንዘይብሉ ድኻ የብልዑ።።

o ነፍሰ-ጾር ወይ ድማ ኣጣባዊት ዝኾነት ነንብሳን ንወዳን ትፍርሀ ሰበይቲ ከተፍጥር ይፍቀደላ እዩ።። ግን ልክዕ ከምቲ ካልእ ድሕሪ ናይ ምጥባው ግዜ ምዝዛምን ናይ ምውላድ ግዜ ምስ ዝበጽሕን ቀዳእ ኢላ ክትጾሞ ኣለዋ፣

ኣሚን!

o ኣብ ግዜ ኩናት ምስ ጸላኢኻ ኣብ ትገጥመሉ ጾም ከድክመኒ ይኽእል እዩ እንተደኣትብል ኮንካ ከተፍጥር ትኽእል።

ጾም ዘፍርሱ ነገራት።

o እንዳፈለጥካ ምብላዕ ወይ ምስታይ

o ብፍላጥ ኢድካ የእቲኻ ምምላስ

o ናይ ኣዴታት እንተደኣ መጺኡዋ

o ድሕሪ ወሊድ ደም ምስ ዝፈሳ

o ናይ ሓይሊ ተባሂሉ ዝውሰድ መግቢ ምስትወሲድ

o መድሃኒት ከኒና ኮነ መራፍእ ምስትወስድ

o ኣብ ግዜ ጾም ምስ ሰበይትኻ ርክብ ምስትፍጽም

ኣብ ግዜ ጾም ብዘይፍላጥ ትበያን ትሰትዮን ጾም ኣየፍርስን እዩ ኣብታ ዝዘከርካላ ግን ከተቋርጾ ኣለካ፣ እንዳፈልጥካ ምብላዕን ምስታይን ከምኡ ድማ ምስ ሰበይትኻ ርክብ ምፍጻምን እቲ ዝዓበየ ዘንቢ ስለዝኾነ ክንጥቀቀሉ ይግበኣና፣ ምትካኽ ሽጋራ ጾም የፍርስ እዩ፣

ኣብ ግዜ ጾምካ እንተገበርካዮም ንጾምካ ዘይትንክፉ ፍቑዳት ዝኾኑ ነገራት።

o ኣብ ዝኾነ ግዜ ምሉእ ኣካላትካ ወይ ክፋል ናይ ኣካላትካ ብማይ ምሕጻብ።

o ከም ኩሕሊ። ናይ ዓይኒ ወይ ናይ እዝኒ ነጥቢ ዝእመሰሉ ነገራት።

o ንሰበይትኻ ምስዓም ወይ ምትንኻፍ (ነብሱ ክቆጻጸር ንዝኽእል ሰብ):

o ብኣፍካ ኮነ ብኣፍንጫኻ ማይ ምጉጽጓጽ። ማይ ከየስቶኽካ ንውሽጢ

o ጥፍጣፍካ ምውሓጥ።

o ብዘይደለኻዮ ከተምልስን ደቂስካ ከለኻ ዝፈሰካ ነገራትን ንጾም ኣየፍርስዎን እዮም፣

ረቢ ጾምና ተቐቢሉ ካብቶም ናይ ሎሚ ሮሞዳን ካብ ሓቂ ገሃነም ነጻ ዝበሎም ይግበረና



# ዱዓእ

1, ሽንቲ  ቤት ክትኣቱ ኮለኻ  ትብሎ  ዱዓ
* ኣላሁማ ኢኒ ኣዑዙቢካ  ሚነል ኹቡሲ ወልኸባኢሲ፥

2. ካብ ሽንቲ ቤት ክትወጽእ ትብሎ ዱዓ
* ቒፍራነክ

3. ዉዱእ ክትጅምር ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚላህ ።

4. ዉዱእ ምስ ጨረስካ ትብሎ ዱዓ
*ኣሽሃዱ  ኣንላኢላህ  ኢለላህ  ዋሕደሁ  ላሸሪከለሁ
ዋኣሽሃዱ  ማሐመደን  ዓብደሁ  ወረሱለሁ  ኣላሁማ
ኣጅዓልኒ ሚነተዋቢን
ወጅዓልኒ ሚነልመተጣሂሪን ።

5. ክእዝን እንክሎ ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁ ኣክበር ክብል ኣላሁ ኣክበር ትብል ኣሽሃ ዱ
ኣንላኢላህ ኢለላህ ክብል ከማኡ ትብል ፡ ኣሽሃአና
መሓመደን ረሱሉላህ ክብል ከምኡ ትብል፡ ሓይ
ዓለሰላት ክብል ላሓውላ ወላቁወታ ኢላቢላህ ትብል ፡
ኣላሁ ኣክበር ክብል ኣላሁኣክበር ትብል ላኢላኢለላህ
ክብል ከማኡ ትብል ።

6. ድሕሪ ኣዛን ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ሃዚሂ ኣደዐውቲ ታማወሰላት ኣልቃኢማ
ኣቲ መሓመድን ኣልወሲላ ወልፈዲላ ወባዓሰሁ
መቃመን ማሕሙደን ኣለዚ ወዓድተኡ ኢንክ
ላተኽሊፋልሚዓድ ።

7. መስጊድ ክትኣቱ ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚላህ ኣላሁመሰሊ ዓላ መሓመድ ኣላሁማ
ኣፍታሕሊ ኣብዋብ ራሕመቲክ ።

8. ካብ ምስጊድ ክትወጽእ ትብሎ ዱ ዓ
* ኣላሁማሰሊ ዓላ መሓመድ ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ
ሚንፈድሊካ ።

9. ኣብ ሰላት ብድሕሪ ተክቢራ ትብሎ ዱዓ ( መክፈቲ )
* ሱብሓነካ ኣላሁማ ወቢሐምዲካ ወታዓላ ጀዱካ
ወላኢላሃ ቐይሩካ ።

10. ኣብ ሩኩዕ ትብሎ ዱዓ
ሱብሓን ረቢልዓዚም 3 ጊዜ ።

11. ካብ ሩኩዕ ምስ ተመለስካ ትብሎ ዱዓ
* ሰሚዐላህ ሊመን ሓሚዳ ።

12. ኣብ ስጁድ ትብሎ ዱዓ
* ሱብሓን ረቢልኣዕላ 3 ጊዜ ።

13. ካብ ሱጁድምስ ተመለስካ ትብሎ ዱዓ
* ረቢ ኣቕፈረሊ 2 ጊዜ ።

14. ኣብ ተሻሁድ ( ኣተህያቱ ) ትብሎ
* ኣተሕያቱ ሊላህ ወሰለዋቱ ወጠይባቱ ኣሰላሙ ዓለይካ
ኣዩሃ ነቢዩ ወራሕመቱላሂ ወበረካቱ ኣሰላሙ ዓለይና
ወዓላ ዒባዱላሂ ሳሊሒን ኣሽሃዱ ኣንላኢላህ ኢለላህ
ወኣሽሃዱ ኣና መሐመደን ዓብዱሁ ወረ ሱሉሁ ።

15. ኣብ መወዳእታ ተሻሁድ ሰላት ዓለነቢ
* ትውስኽሉ ፡ ኣላሁማሰሊ ዓላ መሐመዲን ወዓላ ኣሊ
መሐመዲን ከማ ሰለይታ ዓላ ኣሊ ኢብራሂም ኢነካ
ሓሚዱን መጂድ ኣላሁማ ባሪክ ዓላ መሐመደን
ወዓላ ኣሊ መሐመደን ከማ ባረክታ ዓላኣሊ
ኢብራሂም ኢነካ ሐሚዱን መጂድ። መመላእታ
ድላይካ ዱዓ ትገብር >>>>>>>>> ።

16. ብድሕሪ ሰላት ትብሎ ዱዓ
* 3 ግዜ ኣስተቕፊሩላህ, 33 ግዜ ሱብሓነላህ
33 ግዜ ኣልሓምዱሊላህ 33 ግዜ ኣላሁኣክበር

17. ኣብ ግዜ ድቃስ ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚካ ኣላሁማ ኣሙቱ ወኣሕያ ።

18. ምስ ተሳእካ ትብሎ ዱዓ
* ኣልሐምዱሊላሂ ኣለዚ ኣሕያና ባዕድ ማኣማተና
ወኢለይሂ ንሹር ።

20. ካብ ገዛ ክትወጽእ ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚላህ ተወከልቱ ዓለላህ ወላ ሐውላ ወላ
ቅወታ ኢላቢላህ ።

21. ገዛ ክትኣቱ እንክለኻ ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ እኒ ኣሳሉካ ኸይረል መውሊጂ ወኸይረል
መኽሪጂ ቢስሚላህ ወሊጂና ወቢስሚላህ ኽረጅና
ወዓለላሂ ተወከልና ።

22. ኣብ ግዜ ጭንቂ ኻሂ ትብሎ ዱዓ
* ላኢላህ ኢለላህ ኣልዓዚም ኣልሓሊም ላኢላህ
ሊለላህ ረቢልዓርሺ ልዓዚም ላኢላህ ኢለላህ ረቢ
ሰማዋቲ ወላኣርዲ ወረቢል ዓርሽልከሪም ።

23. ድንገት ወይ ሞት ብዘጋጥመካ ትብሎ ዱዓ
* ኢና ሊላህ ወኢና ኢለይሂ ራጅዑን ኣላሁማ
ኣጅርኒ ፊሙሲበቲ ወእኽሊፍሊ ኸይረን ሚንሃ ።

24. ኣብ ግዜ ሕማም ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ረቢናስ ኣዝሂብ ኣልባእስ ወሽፊ ኣንታ
ኣንታ ኣሻፊ ላሽፋኣ ኢላ ሻፋኡካ ሺፋኣን

ላዩቃዲሩ ሰቅመን ።

25 ኣብ ግዜ ኩራ ( ቁጣዕ ) ትብሎ ዱዓ
* ኣዑዙቢላሂ ሚነሽጣንረጅም ።

26. ኣብ መቓብር ትብሎ ዱዓ
* ኣሰላም ዓለይኩም ኣህልድያር ሚነል ሙእሚኒን ወልሙስሊሚን ወኢና እንሻላህቢኩም ላሒቁን ነኣሉላህ ለና ወለኩም ኣልዓፍያ ።

27. ንዝሞተ ትገብረሉ ዱዓ
* ኣላሁማ ኣቕፊርለሁ ወርሐመሁ ወዓፊሁ ወዕፊዓንሁ ወኣክሪም ንዙለሁ ወወሲዕ መድኽልሁ ወቕሲልሁ ቢልማእ ወተሊጅ ወልበረድ ወነቂሂ ሚነልኻጣያ ካማ ነቀይታ ስውብል ኣብየድ ሚነደነስ ወኣብዲለሁ ኣህለን ኸይረን ሚንኣህሊሂ ወዘውጀን ኸይረን ሚን ዘውጂሂ ወኣድኺልሁ ኣልጀና ወእዒዘሁ ሚን ዓዛበልቀብር ወዓዛብናር ።

28. ንዝተመርዓወ ትብሎ ዱዓ
* ባረከላሁ ለካ ወባረክ ዓለይካ ወጀምዓ በይነኩም ፊኸይር።

29. ግብረ ስጋ ክትፍጽም ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ጀንብና ኣሽይጣን ወጀኒብ ኣሽይጣን ማረዝቕተና ።

30. ምስ ወግሐ ( ንጉሆ ) ማለት ትብሎ ዱዓ
* ኣስባሕና ወኣስባሓ ኣልሙልክሊላህ ወልሓምዱሊላህ ወላኢላህ ኢለላህ ዋሕደሁ ላሽሪከለሁ ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ሚን ኸይሪ ሃዛልዮም ወኸይሪ ማባዕደሁ ወኣዑዙ ቢካ ሚን ሸር ሃዛልዮም ወሸር ማባደሁ ኣላሁማ ኢኒ ኣዑሁቢካ ሚነልከስል ወሱእ ኣልኪበሪ ሚን ዓዛቢን ፊናር ወዓዛቢን ፊልቀብር ።

31. መልክዕካ ምስትያት ምስ ራኣኻ ትብሎ ዱዓ
* ኣልሓምዱሊላህ ኣላሁማ ከማ ሐስንታ ኸልቂ ፈሐስን ኹልቂ

32. ዕዳጋ ምስ ኣተኻ ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚላህ ኣላሁማ ኢኒ ኣስኣሉካ ሚን ኸይሪ ሃዚሂ ኣሱቕ ወኸይሪ ማፊሃ ወኣዕዙቢካ ሚን ሸሪ ሃዚሂ ሱቕ ወሸሪ ማፊሂ ወኣዑዙቢክ ኣን ኡሲብ ፊሀየሚነን ፈጂረተን ኣው ሰፈቀተን ኻሲረትን ።

33. ዕንጥሸው ምስ በልካ ትብሎ
* ድሕሪ ኣልሓምዱሊላህ ምስ በለ እቲ ሰማዒ ይርሐመልካህ ምስ በለካ የቕፈረላህ ለኩም ትብሎ ።

34. ጽቡቕ ዝገበረልካ ትብሎ ዱዓ
* ጀዘከላሁ ኸይረን ።

35. ሕማቕ ፋል እንተመጸካ ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ላጠይር ኢለጠይሩክ ወላ ኸይር ኢላ ኸርይሩክ ወላኢላህ ቐይሩክ ።

36. ጉዳይካ ንዘሰለጠልካ ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ጀሚልሁ ።

37. ኣድጊ ክሃልል ከሎ ትብሎ ዱዓ
* ፈተዓወዙቡላህ ሚነሽያጣን ኑረጂም ኣዑዙቢላህ ሚነሽይጣን ረጂም።

38.ሽግር እንተወሪዱካ ትብሎ ዱዓ
* ቢስሚላህ ኣራሕማን ኣልረሒም ወላሐውላ ወላቅወታ ኢላ ቢላሂ ኣልዓሊዩ ኣልዓዚም ።

39. ሕማቕ ጭንቂ ብዝጎነፈካ ትብሎ ዱዓ
* ላኢላህ ኢላኣንታ ሱብሓነካ ኢኒ ኩንት ሚነዛሊሚን ።

40. ዘሽግረካ ክትገብሮ ዘይትኽእል ነገርትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ላሳህላ ኢላማጀዓልተሁ ሳህለን ወኣንተ ተጅዓል ኣልሕዝን ኢዛ ሺእታ ።

41. ውልዶ ወርሒ ምስራኣኻ ትብሎ ዱዓ
* ኣላሁማ ኣጅዓለሁ ሂላለን ዩምነን ወበረክ



# ሕቶን መልሲን

ብሰሚራ ኑርሒሰን

ሕቶ ቁ.( 1). ሽባብ አህለል ጀና ዝባሃሉ መን እዮም
መልሲ: ሰይዱና ሐሰን ወሑሴን

ሕቶ ቁ.( 2).ናይ ሰይዱና ኑሕ መርከብ እቲ ጡፋን ምስ ወደኤ አበይ ጠጠው በለት

መ.አብ ጀበል ጁድይ ዝባሃል

ሕቶ ቁ.( 3 )ንሐደ ሰሐቢ ረሱል ዓ.ሰ.ወ ይብሎ እዞም መላኢካታት ቁርአንካ ክሰምዑካ ጸኒሖም ምቅራእ እንተዘይተቋርጾ ኔርካ ሰብ ምራአዮም ነይሩ ዝበሎ ሰሐቢ መን ይባሃል

መ.ኡስይድ ቢን ሑዜር ይባሃል

ሕቶ ቁ.( 4).ሽሩጥ አልተውባ ክንደይ እየን

መ.1. ዘንቢ ከይትገብር ምጥቃቅ

2. ነደም( ምጥዓስ )በቲ ዝገበርካዮ

3. ከይትምለስ ናብቲ ማዕሲያ

4. ሐቂ ናይ ሰብ ምምላስ

ሕቶ ቁ.( 5) ዙልጀናሔን ዝባሃል ሰሐቢ መን እዩ
መ.ጃዕፈር ቢን አቢጣልብ

ሕቶ ቁ.( 6) ረሱል ንመን ሰሐቢ እዩ ፊዳካ ቢኣቢ ወኡሚ ዝበሎ

መ.ሳዓድ ቢን ኣቢ ወቃስ

ሕቶ ቁ.( 7).ናይ መጀመሪያ ህጅራ ናበይ ነይሩ

መ.ናብ ሐበሻ

ሕቶ ቁ.( 8). በልቂስ አበየናይ ሱራ ተጠቂሳ

መ.አብ ሱረቱል ሰባእ
ሕቶ ቁ.( 9)አበቱራብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሰሐቢ

መ.ዓሊ ኢብን አባጣልብ

ሕቶ ቁ.( 10)ንኩሉ ነቢ ሓዋሪ አለዎ ንዓይ ውን ሕዋሪ ፍላን እዩ ይብል ረሱል ዓ.ሰ.ወ

መ.ዙቤር ኢብን ዓዋም

ሕቶ ቁ.( 11).ንጀና ደረጃት አለዋ ንናር ከኒ እንታይ አለዋ

መ.ደረካት አለዋ

ሕቶ ቁ.( 12).ሙአዚን አልረሱል መን እዩ

መ.ሰይዱና ቢላል

ሕቶ ቁ.( 13).ካብ ዓለም ዘለዋ ደቂ አንስትዮ መልክዔኛ

መ.ስትና ሐዋእ

ሕቶ ቁ.( 14).አብ ሰላት ዘወስውሰካ ሽይጣን መን ይባሃል

መ.ኽንዛብ ይባሃል

ሕቶ ቁ.( 15).ረሱል ንዚ ሰሐቢ አካይዳኻ ወይ ዱግዱግ ናይ ሳእንኻ ኣብ ጀና ሰሚዔዮ ኢልዎ

መ. ሰይድና ቢላል ቢን ረባሕ

ሕቶ ቁ.( 16).ወዲ ሰብ እንትሞይቱ ኩሉ ነገር ይቅዋረጽ ዝገበረ ኣብ አዱንያ ብዝይካ 3.ነገራት አለዋ ወላ እንተሞተ የይቀዋረጸአ ሐታ ምስ ሞተ ይስዕቡኦ እንታይ ይባሃላ

መ.1ወለዱን ሳልሕ የድዑልሁ
2.ዓመሉን ሳልሕ
3.ሰደቀቱል ጃሪያ ማለት ምስጂድ, ዒላ

ሕቶ ቁ.( 17)አንደኖስ ዝፈትሐ ካብ ኢስፖን ዝሓራራ መን ይብሃል

መ.ጣርቅ ቢን ዘያድ

ሕቶ ቁ.( 18).ሙሉክ አልአርድ ኣርባዓ እዮም መን ይባሀሉ

መ.1.ነምሩት
2.ቡክትነስር
3.ዙልቐርኔን
4.ሰይድና ሱሌማን ዓ.ሰ.

ሕቶ ቁ.( 19)ዙንጣቂን ተባሂል ትጽዋዕ ሰሓቢያ

መ. አስማእ ቢንት አቢበክር ረዲይልላሁ ዓንሁማ

# ሕቶ-ለውጢ

ነፍስወከፍና ኣብ ዝተፈላላየ መዳያት ናብራና እቲ ዝበለጸን ዝሓሸን መልክዕ ሒዙ ንኽኸይድ ምንዮትናን ድልየትናን እዩ:: እቲ ኩሉ ግዜ ናብ ዝበለጸን ዝሓሸን ኩነታት ንምስግጋር ዝግበር ንጥፈታት ካኣ ስርሒት ለውጢ እዩ::

ኩላህና ከምዝፈልጥናዮ ሕቶ ልኡኻት ናይ ኣላህ ካብ ሰይድና ኣደም ጀሚርካ ክሳብ ሰይድና ሙሓመድ ሰላላህ ዓለይሂ ወሰለም ኣብ ሂወት ደቂ ሰባት ለውጢ ንምግባር ዘይሕለል ጻዕሪ ኣካይዶም እዮም::
እቲ ቀንዲ ዘንጊ ጻዕሮም ዝነበረ ኻኣ ካብ ጸልማት ኣገባብ ኣተሓሳስባን ጽዩፍ ጠባያትን ዝሰፈኖ ሃዋህው ንደቂ ሰባት ኣገላጊሎም ናብ ብርሃን ዝዓሰሎ ቅኑዕን እሩምን ዝኾነ ኣተሓሳስባን ጠባያትን ንምስግጋር እዩ::ብሕጽር ዝበለ ምስቲ ልዑል ዝኾነ ኣላህ ብምትእስሳር እቲ ቅኑዕ መንገዲ ዝሓንጸጹ ምኽታልን ብመምሪሒታቱ ምጉዓዝን እዩ::

ነፍስወከፍና ንህሉው ኩነታቱ ኣብ ዝተፈላለየ ሸነኻት ናብርኡ ብዓይኒ ሓቂ ርእዩ እሞ ነቲ ክማሓየሽን ክቕየርን ዘለዎ ነገራት እንተዳኣ መዚኑን ቀይሱን ብዙሕ ለውጢ ከምዘድልየና ብሩህ እዩ::

*ዝምድናና ምስ ኣላህ*

እቲ ቀንዲ ጻዕሪን ተገዳስነትን ክዋሃቦን ዘድልዮን ኣብ መዳይ ስሪሒት ለውጢ እቲ ኩነታት ዝምድናና ምስ ኣላህ ፈጣሪና እዩ::ደረጃ ኢምንና ብኣላህ ከመይ ኣሎ:ብሓቂ ፍትወትን ፍርሂ ናይ ኣላህ ዶ ኣብ ልብና እቲ ዝግበኦ ቦታ ሒዙ ኣሎ::ኩነታት ሰላትናን ኩሉ እንፍጽሞ ተግባራትን ንጥፈታትን ከምቲ ኣላህ ዝሓተና ዶ ይኸይድ ኣሎ::
ነፍስወከፍና ነዚ ሕቶታትን ንዕኡ ዝተንከፍ ካልእ ሕቶታትን ቀይሱን መዚኑን እቲ ዝግባእ መልሲ ንኽህበሉ ሓላፍነት ናይ ኩላትና እዩ::
እሞ እቲ ደረጃ ናይ ኢማንና ኣዝዩ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ኣሎ:ኣብዚ መዳይ እዚ ዓቢ ለውጢ ክንገብር ዘይዕጸፍ ጻዕሪ ከናካይድ ይግባእ::

*ዝምድናና ምስ ወለድና*

ካብቲ ኣዝዩ ምስልምና ኣድህቦኡን ተገዳስነት ዝህቦ ንስድራቤት እዩ:ኩላህና ከምንፈልጦ ኻኣ ስድራቤት ቀንዲ ክፋል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እያ::
ኣላህ ሱብሓነሁ ወታዓላ ንወለዲ እቲ ዝግበኦም ክብረትን ሓልዮትን ፍትወትን ክንህቦም ኣዚዙና::ኩሉ ቃላትና ይኹን ተግባራትና ኣብ መሰረት ክብረት ክኸዉን ይግባእ::
እቲ ሕቶ ኣብዚ መዳይ ከ ከመይ ኣሎና:ባዕልና እቲ ዝግባእ ገምጋም ሂብና እቲ ዘድልዮ ለውጢ ንምግባር ክንጽዕር ይግባእ::

*ዝምድናና ምስ ደቅና*

ወለዲ ምስ ደቆም እንታይ ዓይነት ኣገባብ መልክዕ ናይ ተርብያ ማለት ናይ ኣተዓባብያ ሒዙም ከ ይኸዱ ኣለዉ::
ካብ ትዕዝብተይ ደቅና እቲ ዝግባእ ምልመላን ተገዳስነት ብኣና ኣይረኽቡን እዮም:ብዙሓት ካባና ብዘይካ እቶም ሓላፍነቶም ፈሊጦም ብደቆም ዝግደሱ ነዚ ሓላፍነት ናይ ተርቢያ ደቅና ዘንጊዕና ከምዘለና እኣምን:: ነዛ ብሕጽር ዝበለ ንምዝኽኻር ዝጠቐስክወን ነጥብታት እሞ ብዙሕ ለውጢ ዘድልዮ መዳያት ሓቢርና ብሓንሳብ ኣድቂቕና ድሕሪ ምሕሳብ እቲ ዘድሊ መፍትሒ ክንረኽበሎ ንኽንጽዕር ንኹሉ ኣንባቢ መጺሔት ኣልዳዕዋ ንዕድም::

ሓፍትኹም ኡሙ ኢማን

# Äußerungen über den Qur'an

Die Menschheit hat die Rechtleitung Gottes nur über die Vermittlung Seines Wortes durch die Propheten erhalten, die Er auserwählte, damit sie Seinem Willen den Menschen mitteilen. Beide, das Wort Gottes und der Prophet, der es vermittelte, sind untrennbar. Versuche, die unternommen wurden, den Willen Gottes zu erfahren und dabei das Wort Gottes oder den Propheten, der es vermittelte, zu vernachlässigen, sind immer irreführend gewesen. Die Hindus vernachlässigten ihre Propheten und schenkten ihren Büchern die ganze Aufmerksamkeit. Jene Bücher, die sich als bloße Worträtsel herausstellten und die die Hindus schließlich verloren. Ähnlich ging es den Christen. In völliger Mißachtung dem Buch Gottes gegenüber, hafteten sie Jesus die ganze Bedeutung an, und so erhoben sie ihn zur Gottheit. Dadurch verloren sie den reinen Geist des TAUHID (Monotheismus), der in der Bibel enthalten ist.

Tatsache ist, das die wichtigsten vor dem Qur`an existierenden Heiligen Schriften, z.B. das Alte Testament und die Evangelien, lange Zeit nach den Propheten und darüber hinaus in Form von Übersetzungen niedergeschrieben wurden. Der Grund dafür lag darin, daß die Jünger von Moses und Jesus sich nicht bemühten , die Offenbarung zu Lebzeiten ihres Propheten bzw. während er unter ihnen weilte, zu bewahren. Daher besteht die uns heute zur Verfügung stehende Bibel (das Alte und das Neue Testament ) aus der Übersetzung von Erzählungen einzelner Personen von der ursprünglichen Offenbarung. Diese Erzählungen beinhalten Hinzufügungen, und an ihnen wurden Streichungen von den Anhängern des jeweiligen Propheten vorgenommen.

Dagegen ist die letzte und abschließende Offenbarung, der Qur`an, in originaler Form heute noch vorhanden. Gott selbst garantierte seine Bewahrung. Der Qur`an wurde zu Lebzeiten des Propheten Muhammad (a.s.s.) von den Schreibern der Offenbarung auf Palmblättern, Pergament, Holz, Leder, Schulterknochen .. . usw. niedergeschrieben. Darüber hinaus gab es hunderte von den Gefährten des Propheten (a.s.s.), die als "Hafazat al-Qur`an" (die Bewahrer des Qur`an, die ihn auswendig lernten) bekannt waren. Der Prophet Muhammad (a.s.s.) betonte seinerseits, daß er jedes Jahr im Monat Ramadhan eine umfassende Durchsicht und Rezitation des Qur`an in Anwesenheit von Gabriel (a.s.) durchführte. Dies geschah im letzten Jahr seines Lebens zweimal.

Dann beauftragte der erste Kalif ([Stellvertreter]des Propheten - a.s.s.-) Abu Bakr as-Siddiq (r.) einen Schreiber der Offenbarung, Zaid ibn Thaid (r.), mit dem Sammeln des Qur`an, unter der Anwendung von strengen Sicherheitsmaßnahmen. Abu Bakr (r.) bewahrte ihn während seiner Amtsperiode bei sich auf. Bevor er starb, vertraute er ihn Umar ibn alKhattab (r.) an, gab ihn seiner Tochter und Mutter der Gläubigen (so werden die Gattinnen des Propheten Muhammad - a.s.s. - im Qur`an genannt) Hafsah (r.), weil der dritte Kalif zu der Zeit, als Umar (r.) im Sterben lag, noch nicht im Amt war. Aus diesem Originalband fertigte eine Kommission von vier Kopierern mehrere Kopien im Auftrag des dritten Kalifen Uthmann ibn Affan (r.) an. Diese Kopien wurden auf die Länder im islamischen Gebiet verteilt.

Der Qur`an wurde deshalb auf diese präzise Weise bewahrt, weil er als das einzig gültige Buch der Rechtleitung Gottes für die ganze Menschheit und für alle Zeiten bestimmt ist. Deshalb ist er nicht nur an die Araber gerichtet, in deren Sprache er offenbart wurde. Er spricht den Menschen als solches an: " O Mensch, was hat dich von deinem hochsinnigen Herrn abwendig gemacht." ( Der Qur`an, 82:6 )

Die Anwendung der qur`anischen Lehren im täglichen Leben des Menschen geschieht nach dem schönen Vorbild, dem Propheten Muhammad (a.s.s.), in der Art und Weise, wie sie von seinen Gefährten, von ihren Nachfolgern und von denen, die sie mit Aufrichtigkeit befolgten, praktiziert wurde. Bezeichnend für die Art und Weise des Qur`an ist, daß seine Vorschriften das allgemeine Wohlergehen des Menschen bezwecken, und daß sie auf dessen Fähigkeiten aufgebaut sind. Die qur`anischen Weisheit ist in allen Dimensionen überzeugend. Weder verurteilt sie den Körper des Menschen

oder peinigt sie ihn, noch vernachlässigt sie die Seele. Sie macht weder Gott zum Menschen, noch erhebt sie einen Menschen zur einer Gottheit.

Alles Erschaffene ist in dem Schema der Schöpfung sorgfältig an der Stelle plaziert, wo es hingehört. Diejenigen, die vorgeben, daß Muhammad (a.s.s.) der Urheber des Qur`an sei, behaupten etwas aus vielerlei Gründen etwas Unmögliches. Denn wie könnte er erstens wissenschaftliche Tatsachen im 7. Jahrhundert n.Chr. aussprechen, die kein Mensch seiner Epoche entwickelt haben konnte, und dies mit absoluter Präzision und ohne den geringsten Fehler? Der Qur`an enthält zahlreiche Tatsachen dieser Art, die auf die Macht des erhabenen Schöpfers hinweisen.

Zweitens lebte Muhammad (a.s.s.) vor seiner Berufung vierzig Jahre lang unter seinen Mitmenschen, die von ihm nur Wahrheiten hörten und Aufrichtigkeit erfuhren. Sollte ein solcher Mann plötzlich anfangen, ein Buch zu schreiben, das beispiellos in seinem literarischen Wert ist und eine große Zahl arabischer Dichter und Redner der höchsten Befähigung Gleichwertiges nicht schreiben konnten?

Drittens ist es berechtigt zu sagen, daß Muhammad (a.s.s.), der bei seinen Mitmenschen als AL-AMIN (der Vertrauenswürdige, der Zuverlässige, der Aufrichtige) bekannt war, mit einem unwahren Anspruch hervortreten konnte und dabei tausende von charakterstarken, redlichen und ehrenhaften Männer erziehen würde, die in der Lage waren, die beste menschliche Gesellschaft auf der ganzen Erde zu gründen? Jeder aufrichtige, unbefangene und nach der Wahrheit suchende Mensch wird mit Sicherheit zu der Überzeugung kommen, daß der Qur`an das offenbarte Buch Gottes ist.

Wir liefern an dieser Stelle Meinungen von bedeutenden Gelehrten über den Qur`an, ohne mit allen ihrer Äußerungen einverstanden zu sein. Der Leser kann leicht erkennen, wie die Welt in unserer Zeit hinsichtlich des Qur`an der Realität näher kommt. Wir appellieren an alle aufgeschlossene Gelehrten, den Qur`an im Lichte der obengenannten Punkte zu studieren. Wir sind sicher, daß solche Versuche den Leser davon überzeugen werden, daß der Qur`an niemals von irgendeinem Menschen verfaßt sein kann.

Der Qur`an nimmt zugestandenermaßen eine bedeutende Stellung unter den religiösen Bücher ein. Obwohl er das jüngste der Werke ist, die zu der epochemachenden Literaturklasse zählen, steht er keinem von ihnen nach in der wunderbaren Wirkung, die er auf große Massen ausgeübt hat. Er hat eine fast neue Phase des menschlichen Denkens und ein blühendes Persönlichkeitsmuster geschaffen. Zunächst verwandelte er eine Zahl grundverschiedener Wüstenstämme der arabischen Halbinsel in eine Heldennation. Dann begann er die gewaltigen, politisch-religiösen Organisationen der Muhammedanischen Welt zu schaffen, jene Organisation, die eine der großen Mächte darstellen, mit denen Europa und der Osten rechnen müssen.

(G. Margoliouth. In J.M: Roewell`s The Koran, New York: Everyman`s Library 1977, p. VII.)

Ein Werk, außerdem, das dermaßen wirksam und geziemend unverträgliche Gefühle hervorruft, sogar in dem entfernten Leser - entfernt, was das Zeitalter, und um so mehr, was die geistige Entfaltung betrifft - ein Werk, das nicht nur den Widerwillen (des Lesers) bezwingt, mit dem er vielleicht seine sorgsame Durchsicht beginnt, sondern diese feindliche Gefühl in Erstaunen und Bewunderung umwandelt.. .
(F.J. Steingass: in T.B. Hughes´Dictionary of Islam, S. 526-7.)

Die obenerwähnten Beobachtungen macht die Hypothese unhaltbar, die von denjenigen aufgestellt ist, die Muhammad als den Verfasser des Qur`an ansehen. Wie könnte ein Mann von einem des Lesens und Schreibens Unkundigen zum wichtigsten Autor der arabischen Literatur werden, was die inneren literarischn Werte betrifft? Wie könnte er damals Tatsachen wissenschaftlicher Natur ansprechen, die kein Mensch seiner Epoche möglicherweise entwickelt haben könnte, und all dies , ohne den

geringsten Fehler in seinen Äußerungen über das jeweils behandelte Thema zu machen?

(Maurice Bucaille, The Bible, The Qur`an and Science, 1978, s.125.)

An dieser Stelle sollte vielleicht sein ( des Qur`an ) innerer Wert als eine literarische Leistung nicht an irgendwelchen vorgefaßten Erfahrungsgrundsätzen des subjektiven und ästhetischen Geschmacks gemessen werden, sondern an den Wirkungen, die er auf Muhammad`s Zeitgenossen und Gefährten zeigt; und dies, weil er so wirksam und überzeugenden zu den Herzen seiner Zuhörer sprach, so daß bisher rebellische und widerstreitende Elemente zu einem kompakten und gut organisierten Körper verschmolzen. Sie wurden von Ideen beseelt, weit über jene hinaus, die bis dahin den arabischen Geist leiteten, einfach weil er (der Qur`an) eine zivilisierte Nation aus unzivilisierten Stämmen hervorbrachte und einen neuen Einschlag einschoß in die alten Längsfäden der Geschichte.

( F.J. Steingass, zitiert in Hughes` Dictionary of Islam, s.528.)

Bei diesem Versuch, die Ausführungen meiner Vorgänger zu verbessern und etwas vorzulegen, was als Nachahmung gelten könnte, bemühte ich mich kleinmütig, die erhabene Rhetorik des Arabischen Qur`an zu studieren, den verzweigten und reichlich variierten Rhythmus, der - abgesehen von der Botschaft selbst - das unbestreitbare Anrecht des Qur`an gründet, zu den größten literarischen Meisterstücken der Menschheit zu gehören.. .. Dieses bezeichnende Merkmal, -´die unnachahmliche Symphonie´, wie der Gläubige Pickthall das von ihm als heilig angesehene Buch (den Qur`an) beschreibt, ´deren Klänge schon die Menschen zu Tränen rühren und zur Entzückung hinreissen´- ist von früheren Übersetzern nahezu völlig ignoriert gewesen; es überrascht daher nicht, daß das, was sie geschrieben haben, in der Tat verblichen und plump klingt, im Vergleich mit dem herrlich gezierten Original.

(Arthur J. Arberry, The Koran Interpreted, London: Oxford University Press, 1964, s.X)

Eine völlig objektive Untersuchung (des Qur`an) unter Heranziehung von modernem Wissen, läßt uns die Übereinstimmung zwischen den beiden ( dem modernen Wissen und dem Qur`an ) erkennen, wie schon an wiederholten Gelegenheiten bemerkt wurde. Dies läßt uns für undenkbar halten, daß ein Mann zu Muhammad`s Zeit der Autor von solchen Darstellungen gewesen wäre, in Anbetracht des Wissensstandes zu seiner Zeit. Solche Gründe sind ein Teil dessen, was der qur`anischen Offenbarung ihre einzigartige Stellung gibt, und den unparteiischen Wissenschaftler zwingt, seine Unfähigkeit einzuräumen, eine Erklärung ausschließlich auf der Basis materialistischer Beweisführung zu geben.

(Maurice Bucaille, The Qur`an and Modern Science, 1981, s.18.)

(Entnommen aus World Assembly of Muslim Youth)



# وظائف المؤمن في شهر الصيام

علي بن حسن

للمؤمن في شهر رمضان وظائف شرعيَّة، بيَّنها له رسول الله –صلى الله عليه وسلم- بسنَّته القوليَّة، وسيرته العمليَّة، إذ هو «موسم الخيرات، لأن نعم الله على عباده فيه زائدة على غيره»(1).

وهذه الوظائف تنظمُ أموراً من الأحكام الشرعيَّة تشمل شهره كلَّه مفعمة بصنائع البرّ، وأعمال التقوى:

أولاً: الصيام:

* وفضله عموماً عظيمٌ، لقوله –صلى الله عليه وسلم- -فيما رواه مسلم-: «كلُّ عمل ابن آدم له إلا الصيام؛ هو لي وأنا أجزي به، فوالذي نفس محمد بيده لخلوف فم الصائم أطيب عند الله من ريح المسك».

قال الإمام المازري في «المعلم بفوائد مسلم» (41/2):

«تَخصيصه الصوم ها هنا بقوله: « لي» وإن كانت أعمالُ البرّ المُخلصة كلها له تعالى -لأجل أن الصوم لا يُمكن فيه الرِّياء، كما يُمكن في غيره من الأعمال؛ لأنَّه كفٌّ وإمساك، وحال المُمسك شبعاً أو لفاقة كحال المُمسك تقرباً، وإنَّما القصد وما يُبطنه القلب هو المؤثِّر في ذلك، والصلوات والحج والزَّكاة أعمالٌ بدنيَّة ظاهرةٌ يُمكن فيها الرياء والسُّمعة، فلذلك خُصَّ الصومُ بما ذكره دونها»

* وفوق هذا الفضل -بعمومه- الفضلُ الخاصُّ الوارد في شهر رمضان؛ لقول النَّبي –صلى الله عليه وسلم-: «من صام رمضان إيماناً واحتساباً غُفر له ما تقدَّم من ذنبه»(2).

ويقول –صلى الله عليه وسلم-: «شهر الصَّبر، وثلاثة أيام من كُلّ شهر صومُ الدهر»(3).

«يعني بشهر الصبر شهر رمضان»(4).

قال ابن عبد البر(5) مبيِّناً: «والصوم في لسان العرب أيضاً الصبر؛ {إنَّما يوفَّى الصابرون أجرهم بغير حساب}، وقال أبي بكر ابن الأنباري: الصوم يُسمى صبراً، لأنَّه حبس النفس عن المطاعم والمشارب، والمناكح والشهوات».

ثانياً: القِيام:

وهو سنَّة في جماعة طيلة الشهر المبارك، لقوله –صلى الله عليه وسلم-: «إنه من قام مع الإمام حتى ينصرف كُتب له قيام ليلةٍ»(6).

وفي فضله يقول –صلى الله عليه وسلم-: «من قام رمضان إيماناً واحتساباً غفر له ما تقدم من ذنبه»(7).

وأكملُ الهَدي في العدد الذي يُصَلِّي فيه القيام في رمضان -وغيره- ما صحَّ عنه وثبت من فعله –صلى الله عليه وسلم- من صلاة الإحدى عشر ركعة، لأنَّه الأسوة الكاملة، والقدوة التامَّة.

ثالثاً: الصَّدقة:

إذ الرسول –صلى الله عليه وسلم- كان أجود ما يكون في رمضان(8).

وهذا الجود يشمل جميع معاني الصدقة ، وأعمال الخير، إذ «الجود هو سعة العطاء وكثرته»(9)، وهذا شاملٌ لكثير من أعمال البِّر وصنائع المعروف.

رابعاً: تفطير الصائم:

فقد حضّ على ذلك رسول الله –صلى الله عليه وسلم- ورتَّب عليه كثير الأجر وعظيم الثواب، فقال –صلى الله عليه وسلم-: «من فطر صائماً كان له مثل أجره، غير أنه لا يُنقص من أجر الصائم شيئاً»(10).

**خامساً:قراءة القرآن:**

**فشهر رمضان هو شهر القرآن، وذلك كما في قوله تعالى: {شهرُ رمضان الذي أنزل فيه القرآن هُدى للناس وبيِّنات من الهدى والفرقان}.**

**وفي السُّنَّة العمليَّة للنبي –صلى الله عليه وسلم- تطبيقُ ذلك، فقد كان جبريل يُدارس النبي –صلى الله عليه وسلم- القُرآن في كل ليلة من رمضان(11).**

**سادساً: العمرة:**

**فقد روى الشيخان عن النبي –صلى الله عليه وسلم- انَّه قال: «عُمرة في رمضان تعدل حجَّة معي».**

**فانظروا -رحمكم الله- لهذا الفضل ما أعظمه، وما أفضله!**

**سابعاً: تحري ليلة القدر:**

**قال الله تعالى: {إنَّا أنزلناه في ليلة القدر وما أدراك ما ليلة القدر ليلةُ القدر خير من ألف شهر}.**

**وفي «الصحيحين» أنَّ النَّبي –صلى الله عليه وسلم- قال: «من قام ليلة القدر إيماناً واحتساباً غُفر له ما تقدّم من ذنبه».**

**وهي في مفاريد العشر الأواخر من رمضان.**

**وعن عائشة رضي الله عنها -فيما رواه الترمذي وابن ماجه بالسند الصحيح- قالت: يا رسول الله! إن وافقت ليلة القدر ما أقول؟**

**قال: «قولي: اللهم إنَّك عَفُوٌّ تُحب العفو فاعف عنِّي».فهذا -أخي المسلم- مختصرٌ من القول حول ما ينبغي سلوكه من وظائف شرعيَّة في هذا الشهر المبارك، وأمّا الوظيفة الكاملة التي يَجب على المسلم حفظُها في شهر الصبر هذا، فهي الكفُّ عن المساوئ، والصَّبر على الأذى، وحفظ الباطن، وأداء حقّ الظاهر بالالتزام بأحكام الإسلام والاتباع لسُّنَّة النبي -عليه الصلاة والسلام-.**

---

**(1) «فتح الباري» (31/1).**

**(2) متفق عليه عن أبي هريرة.**

**(3) رواه النسائي (218/4)، وأحمد (263/2و384)، والطيالسي (315)، والبيهقي (293/4) عن أبي هريرة بسند صحيح.**

**(4) «التمهيد» (61/19).**

**(5) المصدر السابق.**

**(6) رواه أبو داود والترمذي والنسائي وابن نصر، عن أبي ذر بسند صحيح.**

**(7)متفق عليه.**

**(8) متفق عليه.**

**(9) «لطائف المعارف» (ص:173) لابن رجب.**

**(10) رواه احمد والترمذي وابن ماجه عن زيد بن خالد بسند صحيح.**

**(11) رواه البخاري.**

**رمضان: فرصة للتجديد**

**د. عبد الكريم بكار 1427/8/28**
**2006/09/21**

**حظي رمضان باهتمام المسلمين في القديم والحديث وفي كل أرض من أرض الإسلام، وقد تجاوز استعداد المسلمين لاستقباله كلّ ما هو مألوف في التعامل مع العبادات؛ بل إن لدى المسلمين دوافع خفية لجعل هذا الشهر عبارة عن احتفالية كاملة، تُتوّج بأفراح العيد؛ وقد ذكر ابن الجوزي أن في مسلمي زمانه مَن إذا جلدْتَه حتى يفطر في رمضان ما أفطر، ومن إذا جلدْتَه ليصلي ما صلّى! إنها فعلاً مفارقة عجيبة؛ لكن يبدو لي أن كثيرًا من الناس ينظرون إلى الفطر في نهار رمضان على أنه نقص في الرجولة وضعف في الشخصية، ولهذا فإنهم يحرصون عليه هذا الحرص المميز. وهذه بعض الخواطر التي تتعلّق بهذه الشعيرة العظيمة.**

**1- شرع الله -تعالى- العبادات في الإسلام من أجل صقل الإنسان المسلم وتهذيبه، ومن أجل تدعيم صلته بالله -تعالى- فضلاً عن أنها أدوات ابتلاء واختبار، فمَنْ أدّاها على وجهها وبآدابها نجح وأفلح، ومن ضيّعها أضاع نفسه، وعرّضها لأشد العقوبات. هذا يعني أن علينا أن نتلمّس ما تتركه عبادة الصيام من تأثير في جوهر التديّن، والذي يقوم على الإخلاص وحبّ الله -تعالى- ورجائه والشوق إليه والحياء منه، والسعي الصادق والدؤوب في تلمّس مراضيه، وإن الذي صام رمضان، وقام ليله، واعتاد ارتياد المساجد فيه، جدير بأن يشعر بأن تغييرًا جيدًا قد طرأ على ذاته، وأنه قد أعاد شحن طاقاته الروحيّة التي استنفد كثيرًا منها في الفترة الواقعة بين رمضان ورمضان. الذي أريد أن أقوله هنا هو: أن ثمرة الصيام يجب أن تظهر في حسن عبودية المسلم لله -عز وجل- على صعيد الرجاء والخوف والثقة والتذلّل والحب والولاء... إنه يشعر بمشاعر من كان تائهًا عن أهله وبيته، ثم وجده ووجدهم! ويجب أن تظهر ثمرة الصيام أيضًا على صعيد السلوك العملي من الالتزام بحدود الله -تعالى- والعمل بآداب الشريعة الغراء... إننا نريد أن نرى بعد رمضان تحسنًا يطرأ على رؤيتنا للدنيا والآخرة، أي أن تترجم حركتنا اليومية اعتقادنا بأن الدنيا مزرعة الآخرة.**

**2- يؤسفني القول: إن معظم الوسائل الإعلامية، تقوم بتشويه الوجه الحقيقي لرمضان، وتغيير ملامح رسالته للأمة، وذلك عن طريق تصويره للناس بأنه ضيفٌ ثقيل، يحتاج مستضيفوه إلى الكثير من الترويح عن النفس حتى يستطيعوا تحمّل وطأته، وحتى يمر بسلام، مع أن الرؤية الإسلامية الأصيلة والموروثة نسبيًا، هي أن هذا الشهر الكريم هو فرصة عظيمة لمن يوفقه الله -تعالى- لصيامه وقيامه؛ ومن هنا كان كثير من السلف يدعون الله -تعالى- ستة أشهر قبل قدوم رمضان أن يبلّغهم رمضان، فإذا انتهى رمضان دعوا الله -تعالى- ستة أشهر أن يتقبل منهم صيامه. والتشويه الثاني الذي تقوم به وسائل الإعلام هو تصوير رمضان على أنه مناسبة كبرى وطويلة للهو والتمتّع بأصناف الأطعمة والسهر ولعب الورق وتجمعات المراهقين والشباب في الشوارع.. مع أن الذي نعرفه من أسرار مشروعية الصوم هو أن المسلم في رمضان يهذّب نفسه من خلال حرمانها من ملذاتها وشهواتها، كما أن الجوع الذي يعانيه، يجعله يتذكر الجياع، فيبسط يده بالإحسان للفقراء، أضف إلى هذا أن الناس في رمضان يتناولون وجبتين في رمضان عوضًا عن ثلاث وجبات، وهذا يعني وجود نوع من التوفير فيما يُنفق على الطعام، مما يساعد على التصدّق، ومما ينعش رأس المال الوطني... لكن الواقع يشهد أن ما ينفقه الناس على المأكل في رمضان، يتجاوز ما ينفقونه في أي شهر آخر! هكذا يتم إجهاض الشعائر العظيمة، وهكذا يتم صرف المبادئ عن وجهتها الشريفة!**

**إنني أدعو نفسي وإخواني إلى تقليل مشاهدة التلفاز في رمضان إلى أدنى حد ممكن حتى يعود لرمضان ألقُه، وحتى يعود كما كان فرصة للتنفل والذكر وقراءة القرآن وبذل المعروف...**

**3- رمضان يصلّب لدينا روح المقاومة، ويقوّي الإرادة والعزيمة، وينبغي أن نستفيد من ذلك في جعل شهر الصيام مناسبة لتغيير بعض العادات غير المرْضيّة واكتساب بعض العادات الحميدة؛ والحقيقة أن الذي يجعل الإنسان ملتزمًا ومتفوقًا ليس سوى صفات قليلة، كما أن ما يجعل سلوك الإنسان، يوصف بالسيّئ أيضًا ليس بالكثير، إنه يكفي أن يتخلص المرء في كل رمضان من عادة واحدة سيئة وإحلال عادة حسنة مكانها حتى يجد نفسه بعد خمس سنوات وقد انتقل من شخص سيّئ إلى شخص عادي، أو من شخص عادي إلى شخص جيد أو ممتاز، تصوّر معي شخصًا ترك في سنة عادة التسويف، وفي التي بعدها عادة الفوضى في التعامل مع الوقت، وفي ثالثة عادة المبالغة في الكلام، وفي رابعة عادة التأخّر عن صلاة الجماعة، وفي خامسة عادة جفاء الأهل والأرحام.. كيف سيكون حاله؟!**

**4- نحن نعيش في وضعيّة كونية جديدة آخذة في التشكل والانتشار، وهذه الوضعية، تُعطى فيها الأولويةُ للمحسوس على المعنوي، وللمباشر على غير المباشر، وللآني على الآجل، وللقوة على الرحمة، وللنجاح على الفلاح، وللمتغير على الثابت. إنها وضعيّة مخيفة ومقلقة حقًا، وإذا ما استمر الوضع على ما هو عليه الآن، فهذا يعني أن الأجيال القادمة ستنظر بعين الاستخفاف إلى كثير مما نعدّه الآن شيئًا عزيزًا وعظيمًا، والحل لهذه المعضلة لن يكون فلسفيًا أو إرشاديًا، وإنما هو حلٌّ عملي يقوم على أن نحيا رمضان كما كان المسلمون الأوائل يحيونه: صيامٌ عن الطعام والشراب وعن المعاصي والذنوب، وإحياءٌ لليالي المباركة وللأرواح والقلوب، وتقرّبٌ إلى الله -تعالى- بأصناف القربات، إن هذا وحده هو التعبير الحقيقي عن رفضنا للتحلّل الداخلي والغزو الثقافيّ القادم من كل مكان.**
**والله الموفق.**